**መግለጺ ሓበሬታ ክታበት** VACCINE INFORMATION STATEMENT-TIGRIGNA

# ክታበት ሕማም ረስኒ (ፍሉ) (ሕይወት ካብዘይብሉ ቫይረስ ዝስራሕ ወይ ሪከምበናንት)፦ *ክትፈልጡ/ጣ ዘድልየኩም/ክን*

**Influenza (Flu) Vaccine (Inactivated or Recombinant):**

ብዝሒ ዘለዎም ናይ ክታበት ሓበሬታ መግለጺታት ብቋንቋ ስፓኒሽን ብካልኦት ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ምርካብ ይከዓል እዩ። www.immunize.org/vis ርዓዩ/ያ

## 1 ክታበት ምውሳድ ንምንታይ የድልይ

ሕማም ረስኒ (“ሰዓል”) ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ኣብ እዋን ክረምቲ፤ ወትሩ ካብ
ወርሒ ጥቅምቲ ስጋብ ወርሒ ጉንበት ዝንዛሕ ተላጋቢ ሕማም እዩ።

ሰዓል ዝመጽእ ብናይኢንፍሉዌንዛ ቫይረሳት ክኸውን ከሎ፣ ቀንዲ ሑእ ብምባል፣ ብሕንጥስታ ከምኡዉን ብቀረባ ብምትንኻፍ ዝንዛሕ እዩ።

ዝኾነ ሰብ ሰዓል ክሕዞ ይኽእል እዩ። ሰዓል ሓንደበት ክመጽእን ንነዊሕ መዓልትታት ክኣ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ምልክታት ሕማም ብእድመ ይፈላለዩ እዬም ኮይኑ ግና ነዚኦም ዝስዕቡ የመልክቱ እዬም፦

- ረስኒ/ቁሪ ቁሪ ምባል
- መቑሰልቲ ጐሮሮ
- ቃንዛ ጭዋዳ
- ድኻም
- ሰዓል (ሑፅታ)
- ሕማም ርዕሲ
- ንፋጥ ወይከአ ምዕባስ ኣፍንጫ

ሰዓል ናብ ኒሞኒያን ረኽሲታት ደም ከምርሕን ኣብ ቆልዑት ዉጽኣትን ብዘይ ድልየት ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ምንቅጥቓጥ ነብሲ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ከም ሕማም ልቢን ሰናቡዕን ዘኣመሰሉ ናይ ጥዕና ጸገማት እንተሃሊኩም/ክን ፍሉ (ሕማም ረስኒ) ንኽገደኩም/ክን ይገብር እዩ።

ሰዓል ንገለገል ሰባት ብዚያዳ ሓደገኛ እዩ። ሕጻናትን ኣናእሽቱ ቆልዑት፣ ዕድሚኦም 65 ካብኡ ንላእሊ ዝኾኑ ዓበይቲ፣ ጥኑሳት ኣንስቲ፣ ከምኡዉን ገለ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ሰባት ወይ ናይ ነብሶም ክእለት ምክልኻል ሕማም ዝደኸመ ክሓሙ ዝክእሉሉ እድል ክብ ዝበለ እዩ።

**ኣብ ዓመት ኣብ ዓመት ብእሻሓት ዝቑጸሩ ሰባት ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ብሰንኪ ሰዓል ይሞቱን** ብዙሓት ከዓ ኣብ ሆስፒታል ይድቅሱ እዬም።

**ክታበት ኢንፍልዌንዛ (ሕማም ረስኒ)፦**

- ሰዓል ንከይትሕዘኩም/ክን ይኽልክል
- እንተሂዛትኩም/ክን ከዓ ኣዝዩ ንከይሕመኩም/ክን ይገብር፣ ከምኡዉን
- ሰዓል ንስድራ ቤትኩምን ንካልኦት ሰባት ንከይተልግቡ/ባ ይገብር።

## 2 ሕይወት ዘይብሉ፣ ሪከምብታትንት ክታበት ፍሉ (ሕማም ረስኒ)

ክታበት ሰዓል ዓመታዊ እንተዝውሰድ ይምረጽ። ዕድሚኦም ካብ 6 ወርሒ ስጋብ 8 ዓመት ዝኮኑ ቆልዑት ኣብ ዓመት ክልተ መጠን ክወስዱ የድልዮም ይኸውን እዩ። ካልኦት ሰባት ኣብ ኣመት ሓደ መጠን ጥራይ ኣብ ሕድ ሕድ ሰዓል ዝንዛሓሉ እዋን ክወስዱ የድልዮም።

ገለ ገለ ካብ ሕይወት ዘይብሉ ቫይረስ ዝስርሑ ክታበታት ሰዓል ቴርሞሳል ዝበሓል ኣዝዩ ዉሑድ ዓቀን ካብዘለዎ ሜርኩሪ ዝስራሕ መጻንሒ ኣለዎም። መጽናዕቲ ኣብ ውሽጢ ክታበት ዝርከብ ቴርሞሳል ጉድኣት ከምዘለዎ ኣይርዓየን፣ ኮይኑ ግና ቴርሞሳል ዘይብሎም ክታበታት ሰዓልዉን ኣለዉ።

ኣብክታበት ሰዓል ሕይወት ዘለዎ ቫይረስ የለን። **ክታበት ሰዓል ከትሕዝ ኣይክእልን።**

ብዙሕ ናይ ሰዓል ቫይረሳት ኣለዉ ከምኡዉን ኩልሳዕ ይቀያየሩ እዬም። ኣብ ዓመት ኣብ ዓመት ክታበት ሰዓል ዝዳለዉ ኣብቲ ዓመት እቲ ሰዓል ከስዕቡ ይኽእሉ ኢዩም ተባሒሉ ዝእመነሎም ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ቫይረሳት ከምዝከላኸል ተጌሩ እዩ። ክታበት ሰዓል ብግቡእ ምስቶም ቫይረሳት ማዕረ ኣይሳነይ እምበር ሕጂዉን ገለ ምክልኻል ይገብር እዩ።

ክታበት ሰዓል ነዚኦም ክከላኸል ኣይክእልን፦

- ብትክታበት ዘይተጠርነፈ ቫይረስ ዘስዕቦ ሰዓል፣ ወይ
- ሰዓል ዝመስሉ ግና ሰዓል ዘይኮኑ ሕማማት።

ድሕሪ ምክታብ፣ እቲ ክታበት ንኽሰርሕ 2 ሰሙን የድልዩ፣ ብድሕሪኡ ከዓ እቲ ሰዓል ዝንዛሓሉ እዋን ስጋብ ዝዉዳእ ይጸንሕ እዩ።

U.S. Department of Health and Human Services
Centers for Disease Control and Prevention

## 3 ገለገለ ሰባት ንዚ ክታበት ክክተቡ የብሎምን

ነቲ ክታበት ንዝሕበኩም ሰብ እዚ ኣፍልጥዎ/ኦ፦

- **ኣዝዩ ብርቱዕን ንሕይወትኩም/ክን ሓደገኛ ዝኮነ ዘይምስምማዕ (allergies) እንተሃሊኩም/ክን። ቅድሚ ሕጂ** ድሕሪ ክታበት ሰዓል ንሕይወትኩም/ክን ሓደገኛ ዝኮነ ብርቱዕ ዘይምስምማዕ ኣጓኒፍኩም/ክን እንተነይሩ፣ ወይከኣ ንዝኾነ ክፋል እቲ ክታበት ብርቱዕ ዘይምስምማዕ እንተሃሊኩም/ክን፣ ንከይትክተቡ/ባ ክትምከሩ/ራ ትኽእሉ/ላ ኢኹም/ክን። ኩሎም እንተይኮኑስ ዝበዝሑ ክታበት ሰዓል ቁሩብ ናይ እንቛቑሖ ፕሮቲን ኣለዎም።
- **Guillain-Barre Syndrome (ብርቱዕ ዝኾነ ዘልምስ ሕማም፤ GBS ተባሂሉውን ይጽዋእ እዩ)** ሓሚምኩም/ክን ትፈልጡ/ጣ እንተኮይንኩም/ክን። ገለገለ ሰባት GBS ሓሚሞም ዝፈልጡ እንተኮይኖም ንዚ ክታበት ክክተቡ የብሎምን። ብዛዕባዚ ምስሓኪምኩም/ክን ምዝርራብ ኣለኩም/ክን።
- **እንተተጸሊኢኩም/ክን።** ቁሩብ ተጸሊኢኩም/ክን ኮሎ ክታበት ንGuillain-Barre Syndrome ወይ ጂቢኤስ (ብርቱዕ ዝኾነ ዘልምስ ሕማም) ናይ ምቅላዕ ሓደጋ ቁሩብ ክብ ዝበለ እዩ። እዚ ሓደጋ ካብ ዝክተቡ ሓደ ሚልዬን ሰባት ኣብ 1 ወይ 2 እንተዘጋጥም እዩ ተባሂሉ ይግመት። እዚ ምስቲ ብክታበት ምክልኻል ዝከኣል ብሰንኪ ሕማም ረስኒ ዝመጽእ ሕልኽልኽ ዝበለ ጸገማት ምስዝነጻጸር ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ምውሳድ ወትሩ ጸገም የብሉን ኮይኑ ግና ምናልባት ስጋብ ዝሕሸኩም/ክን ክትጸንሑን/ሓን ክትጽበዩን/ያን ትኽእሉ/ላ ኢኹም/ኽን።

- **ንክታበት ሰዓል ምስ ኒሞኮካል (PCV 13) ክታበት ወይ/ከምኡዉን DTaP ክታበት ብሓባር ዝወሰዱ ኣናእሽቱ ቆልዑ ብሰንኪ ረስኒ ዝመጽእ ሲኾር (ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኮነ ምንቅጥቃጥ ነብሲ) ከጋጥሞም ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንዶክተርኩም/ክን ሕተቱ/ታ። ክታበት ሰዓል ዝወሰድ/ትወስድ ዉላድኩም/ክን ካብቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ምንቅጥቃጥ ነብሲ ጌርሉ/ጌርላ ዝፈልጥ እንተኮይኑ ንዶክተርኩም/ክን ኣፍልጡ/ጣ።**

## 4 ሓደጋታት ዘይምስምማዕ ክታበት

ክታበት፣ ልክእ ከም ካልእ መድሃኒት፣ ዘይድለይ ሳዕቤን ከስዕብ ዝክዕለሉ እድል ኣሎ። እቶም ሳዕቤናት ወትሩ ቀለልቲን ባዕሎም ከዓ ዝሐዉዩ እዮም።

ክታበት ሰዓል ዝክተቡ ብዙሕ ሰባት ብሰንኪ ክታበት ዝገጥሞም ጸገማት የለን።

ድሕሪ ክታበት ሰዓል ዘጋጥሙ **ቀሊል ጸገማት** ንዞም ዝስዕቡ የመልክቱ፦

- መርፍዕ ኣብዝዉገኣሉ ቦታ ቃንዛ፣ ምቅያሕ ወይ ምሕባጥ
- ናይ ድምጺ ምሕርፋፍ
- ቃንዛ ዓይኒ፣ ምቅያሕ ወይ ሳሓ
- ሑዕታ
- ረስኒ
- ምቅርጥጣም ነብሲ
- ሕማም ርእሲ
- ሳሓ
- ድኻም

ዞም ጸገማት እንተደኣ ከጋጥሙ ኮይኖም መብዛሕቱ ሽኡ ንሽኡ ምስተኸተብኩም/ክን ይጅምሩሞ ን1 ወይ ን2 መዓልትታት ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም።

ድሕሪ ክታበት ሰዓል ዘጋጥሙ **ከቢድ ጸገማት** ንዞም ዝስዕቡ የመልክቱ፦

- **ድሕሪ ምዉሳድ ሕይወት ካብዘይብሉ ቫይረስ ዝስራሕ ክታበት ሰዓል ንGuillain-Barre Syndrome ወይ ጂቢኤስ** (ብርቱዕ ዝኾነ ዘልምስ ሕማም) **ናይ ምቅላዕ ሓደጋ ቁሩብ ክብ ዝበለ እዩ። እዚ ሓደጋ ካብ ዝክተቡ ሓደ ሚልዩን ሰባት ኣብ** 1 ወይ 2 **እንተዘጋጥም እዩ ተባሂሉ ይግመት። እዚ ምስቲ ብክታበት ምክልኻል ዝከኣል ብሰንኪ ሕማም ረስኒ ዝመጽእ ሕልኽልኽ ዝበለ ጸገማት ምስዝነጻጸር ኣዝዩ ውሑድ እዩ።**

**ዝኾነ ብመርፍእ ዝዉጋእ ክታበት ክዉሰድ ከሎ ከጋጥም ዝኽእል ጸገማት፦**

- ገለ ገለ ሰባት ድሕሪ ዝኾነ ኣገባብ ሕክምና፣ እንተላይ መርፍእ ምዉጋእ፣ ሓለዋቶም ይስእኑ እዮም። ን15 ደቓይቅ ዝኣክል ኮፍ ምባል ወይ ጎቦ ምኻን ሓለዋት ምስኣንን ብሰንኪ ምዉዳቕ ዝመጽእ መጉዳእቲ ንምኽልካል ይሕግዝ እዩ። ርእስኹም/ኽን ጽርዉርዉ እንተኢልኩም/ክን፣ ኣብምርኣይ ለዉጢታት እንተሃሊዩ ወይ ከኣ ኣብ እዝንኹም/ኽን ድምጺ እንተሃሊኩም/ክን ንሓኪምኩም ሓብሩ/ራ።
- ገለ ገለ ሰባት ኣብ መንኩቦም መሪር ቃንዛ ክገብረሎምን መርፍእ ዝተወጉኡሉ/ኣሉ ኢዶም ምዉስዋስ ከጸግሞም ይኽእል። እዚ ዝኾነሉ እድል ዝወሓደ እዩ።
- ዝኾነ መድሃኒት ኣዝዩ ብርቱዕ ዝኾነ ምልክታት ዘይምስምማዕ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ብሰንኪ ክታበት ዝመጽእ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይምስምማዕ ልሙድ ኣይኮነን፤ ዘጓንፍ እንተኮይኑ ብግምት ካብ ሓደ ሚሊዩን ዓቐናት ኣብ ሓንቲዓ ጥራይ እዩ። ዘጓንፍ እንተኮይኑ ድሕሪ ክታበት ካብ ሞንጎ ቁሩብ ደቓይቕ ስጋብ ቁሩብ ሰዓታት ኣብዘሎ ግዜ እዩ ዘጓንፍ።
- ከም ኩሉ መድሃኒት፣ ክታበት ብርቱዕ መጉዳዕቲ ወይ ሞት ከስዕብ ዝኽእለሉ ኣዝዩ ጸባብ እድላት ኣሎ።

ድሕንነት ክታበት ኩልሳዕ ክትትል ይግበረሉ እዩ። ንተውሳኺ ሓበሬታ፣ www.cdc.gov/vaccinesafety/ ርአዩ/ያ።

## 5 ብርቱዕ ዝኾነ ዘይምስምማዕ እንተኣስዒብለይ'ከ?

**እንታይ ክጥምት አለኒ?**

- ንዝኮነ ዘተሓሳስበኩም/ክን ነገራት ተኸታተሉን ተጠንቀቁን፣ ከም ምልክታት ብርቱዕ ዘይምስምማዕ፣ ብርቱዕ ረስኒ፣ ወይከዓ ናይ ጠባይ ለዉጢታት።

ምልክታት ብርቱዕ ዘይምስምማዕ ከም እንፍሩር፣

ምሕባጥ ገጽን ጐሮሮን፣ ናይ ምትንፋስ ጸገም፣ ቅልጡፍ ትርግታ ልቢ፣ ጽርዉርዉ ምባል ከምኡውን ድኻም የመልክት እዩ። እዚኦም ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ስጋብ ቁሩብ ሰዓታት ድሕሪ ክታበት ክጅምሩ ይኽእሉ እዮም።

**እንታይ ክገብር ኣለኒ?**

- ብርቱዕ ናይ ዘይምስምማዕ ምልክት ወይከአ ካልእ ክጸንሕ ዘይክእል ሕጹጽ ነገር እንተደአ መሲሉ ተሰሚኢኩም/ክን፣ 9-1-1 ደውሉ/ላሞ ንቲ ዝሐመመ ሰብ ኣብ ቀረባ ናብ ዘሎ ሆስፒታል ውሰድዎ/ኦ። እንተዘይኮነ፣ ናብ ሐኪምኩም/ክን ደውሉ/ላ።
- ብድሕሪኡ እቲ ጸገም ብኣገባብ መጸብጸቢ ዝጻረር ኩነታት ክታበት (VAERS) ክጽብጸብ ኣለዎ። ሐኪምኩም/ክን ክጽብጽቦ ይኽእል እዩ ወይከኣ ባእልኩም/ክን ኣብ መርበብ www.vaers.hhs.gov ወይከኣ ኣብ ቁጽሪ ቴሌፎን 1-800-822-7967 ብምድዋል ምጽብጻብ ትክእሉ/ላ ኢኹም/ኽን።

*VAERS ናይ ሕክምና ምኽሪታት ኣይውፍይን እዩ።*

## 6 ሃገራዊ መደብ ካሕሳ መጉዳእቲ ብሰንኪ ክታበት

ሃገራዊ መደብ ካሕሳ መጉዳእቲ ብሰንኪ ክታበት (VICP) ብሰንኪ ገለ ክታበት መጉዳእቲ ንዝወርዶም ሰባት ንምክሓስ ዝተጣየሸ ፌደራላዊ መደብ እዩ።

ብሰንኪ ክታበት መጉዳእቲ ወሪድና ኣሎ ኢሎም ዝኣምኑ ሰባት ኣብ ቁጽሪ ቴሌፎን 1-800-338-2382 ብምድዋል ወይከኣ ናይ VICP መርበብ www.hrsa.gov/vaccinecompensation ብምርኣይ ብዛእባ እቲ መደብን ምምላዕ መመልከቲ ካሕሳ ምርዳእ ይኽእሉ። ንካሕሳ ንምጥራዕ ከኣ ናይ ግዜ ገደብ ኣለዎ።

## 7 ብኸመይ ኣገባብ ዝበለጸ ምርዳእ እኽእል?

- ንሰብ ሞያ ጥዕና ሕተቱ/ታ። እሱ/ንሳ ምስትክታበት ዝመጽዕ፣ ክታበት ካብምንታይ ከምዝተሰርሓ ዝሕብር ወረቐት ክሕቡኹም/ባኽን ወይ ካልኦት ምንጪታት ሓበሬታ ክነግሩኹም/ኽን ይኽእሉ እዮም።
- ናብ ዞባ ወይከአ ናብ ስቴት ክፍሊ ዕዩ ጥዕና ድወሉ/ላ።
- ምስ ማዕከል ቑጽጽርን ምክልኻል ሕማም (CDC) ተራኸቡ/ባ፦
  - ኣብ ቴሌፎን ቁጽሪ 1-800-232-4636 (1-800-CDC-INFO) ብምድዋል፣ ወይከኣ
  - ናይ CDC መርበብ www.cdc.gov/ftu ርኣዩ/ርኣያ።

መግለጺ ሓበሬታ ክታበት

# ሕይወት ካብዘይብሉ ቫይረስ ዝስራሕ ክታበት ሕማም ረስኒ (ፍሉ)

VIS inactivated influenza - Tigrigna

08/07/2015

42 U.S.C. § 300aa-26

Office Use Only

Translation provided by Swedish Medical Center, Seattle, WA